# COVID-19 ክትባት

## ክትባት እንታይ እዩ?

ክትባት ማለት ከም መድሓኒት ማለት እዩ። ብመርፍእ ወይ ብምውጋእ ይዋሀብ።

## ክትባት እንታይ እዩ ዝሰርሕ?

ክትባት ምውሳድ ካብ ምሕማም ይከላኸለልኩም። ንዝተፈላለዩ ሕማማት ዝተፈላለዩ ዓይነት ክትባታት ኣለዉ።

## ክትባታት ደሕንነቶም ዝተሓለዉ ድዮም?

እወ። ክትባታት ደሕንነቶም ዝተሓለዉ ክኾኑ ዶክተራትን ሳይንቲስታትን ጠንኪሮም ይሰርሑ። ደሕንነቶም ዝተሓለዉን ፈቓድ ዝረኸቡን ክትባታት እዮም ኣብ ካናዳ ዝወሃቡ። ናይ ክትባታት ደሕንነት በብግዚኡ ይግምገም።

## ናይ COVID-19 ክትባት ኣሎ ዶ?

እወ፣ ዝተወሰኑ ናይ COVID-19 ሓደሽቲ ክትባታት ኣለዉ።

## ናይ COVID-19 ክትባታት ደሕንነቶም ዝተሓለዉ ድዮም? ኣዝዮም ብቕልጡፍ እዮም ተሰሪሖም።

እወ። እዞም ናይ COVID-19 ክትባታት ደሕንነቶም ዝተሓለዉ ክኾኑ ዶክተራትን ሳይንቲስታትን ጠንኪሮም እዮም ሰሪሖም። ደሕንነቶም ዝተሓለዉን ፈቓድ ዝረኸቡን ክትባታት እዮም ኣብ ካናዳ ዝወሃቡ። ናይ ክትባታት ደሕንነት በብግዚኡ ይግምገም።

## እዚ ክትባት COVID-19 ከትሐዘኒ ይኽእል ዶ?

ኣይፋል። እዚ ክትባት COVID-19 ኣየትሕዘኩምን። እዚ ክትባት እዚ ሰውነትኩም ን COVID-19 ከለልዮን ክጻወሮን ይገብር።

## እዚ ናይ COVID-19 ክትባት ጎድናዊ ጽልዋታት ኣለውዎ ዶ?

እዚ ክትባት ድሕሪ ምቕባልኩም፣ ጎድናዊ ጽልዋታት ከጋጥሙኹም ይኽእሉ። መርፍእ ዝተወጋእኹምሉ ኢድኩም ቃንዛ ክስመዓኩም ይኽእል። ድኻም ወይ ናይ ረስኒ ስምዒት ክስመዓኩም ይኽእል። እዚ ማለት ሰውነትኩም ነቲ ክትባት ምለሽ ይህበኩም ኣሎ ማለት እዩ። እዞም ጎድናዊ ጽልዋታት ዝተወሰኑ መዓልቲታት ክጸንሑ ይኽእሉ።

ሓደ ሓደ ሰባት ንክትባት ኣለርጂክ ክኾኑ ይኽእሉ። ከበድቲ ጎድናዊ ጽልዋታት ድማ ክስምዕዎም ይኽእሉ። እዞም ከበድቲ ጎድናዊ ጽልዋታት ብዙሕ ዝፍጠሩ ኣይኮኑን።

## እዞም ምልክታት ካብ ዝተወሰኑ መዓልቲታት ንላዕሊ እንተጸኒሖም ከ?

ቅድሚ እቲ ክትባት ምውሳድኩም በቲ ቫይረስ ተታሒዝኩም ክትኮኑ ትኽእሉ። እዞም ምልክታትኩም ልዕሊ ሓደ ወይ ክልተ መዓልቲታት ዝጸንሑ እንተኾይኖም፣ ሓሚምኩም ክትኮኑ ትኽእሉ። ዓርስኹም ክትፈልዩ ኣለኩም (ካብ ካልኦት ሰባት ምርሓቕ) ናይ COVID-19 ምርመራ ድማ ክተከይዱ ኣለኩም።

## እዚ ክትባት እዚ መጀመርያ ንመን ይወሃብ?

ዶክተራት፣ ነርስታትን ካልኦት ናይ ጥዕና ክንክን ወሃብቲን ኣብ ማኒቶባ መጀመርያ ክትባት ዝወስዱ ሰባት እዮም።

ድሕሪኡ ዝቕበሉ ሰባት ኣዝዮም ናይ ምሕማም ዕድል ዘለዎም ሰባት እዮም። እዚ ድማ ብዕድመ ዝደፍኡ ሰባትን መበቆሎም ደቂ ትዓዲ ሰበት እዮም።

## እዚ ክትባት መዓዝ ክቕበል ይኽእል?

ንኩሉ ሰብ ዝኣክል ክትባት ክሳብ ዝስራሕ ብዙሕ ግዜ ክወስድ ይኽእል። ዝተፈላለዩ ሰባት ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ እዚ ክትባት ክወስዱ እዮም። እዞም ውሳነታት እዚኦም ንምውሳን መንግሰትን ሰብ ሞያታትን ብሓባር ይሰርሑ ኣለዉ። ሰባት እዚ ክትባት ዝወስዱሉ ግዜ ምስ በጸሐ ዝበለጸ ሓበሬታ ክወጽእ እዩ።

## እቲ ክትባት ምስ ወሰድኩ ማስክ ምግባርን ካብ ሰባት ርሕቐተይ ምሕላውን ክቕጽል ድየ?

እወ። ማስክ ምግባርን ኣካላዊ ርሕቐት ምሕላውን ንዓኹም ካልኦትን ደሕንነት ይሕሉ።

## እዚ ክትባት ንምቕባል ይኸፍል ድየ?

እዚ ክትባት ን ኣብ ማንቶቢያ ዘለዉ ሰባት ብነጻ እዩ ዝወሃብ።

## እዚ ክትባት ምውሳድ ግድን ድዩ?

እዚ ናይ COVID-19 ክትባት ምቕባል እንተደሊኹም መሪጽኩም እዩ። እዚ ክትባት እዚ ዘይምውሳድ ትኽእሉ።

ብዙሓት ሰባት ብዛዕባ እዚ ክትባት ዝተፈላለዩ ነገራት እዮም ዝብሉ። ሓደ ሓደ ሓበሬታታት ትኽክል ዘይክኾኑ ይኽእሉ። ብዛዕባ እዚ ክትባት ዝበለጸ ሓበሬታ ንምርካብ ንናይ ጥዕና ክትባት ወሃብቲ ክተዘራረቡ ትኽእሉ። ጽቡቕ ሓበሬታ ከቕርቡልኩም እዮም።

ንሓበሬታ **manitoba.ca/COVID19/vaccine** እውን ምጉብናይ ትኽእሉ።

Manitoba